**<u>ዓገብ ዝብል”ዶ ተሳኢኑ ኖዞም</u>**
**<u>ስም ቅሽነት ዘበላሸዉ ዘለዉ።</u>**

ቀሺ ብስም ኣብ ዎዎልድ ኢሉ ምቐደሰ፡
ጾሎት ንሕሙማት ጽጉማት ምለገሰ፡
ጉጉያት ኣብ ልቦም ምመለሰ፡
እምበር ጸረ ህዝቢ’ዶ ምተበገሰ።

ሙጾታት’ዶ በጺሕና ከይፈለጥና፡
ቀሺ ካብ ተዋፈረ ኣብ ፖሎቲካዊ ሽርሙጥና፡
ቤተ ክርስትያን ገዲፉ ካብ መረጸ ከድምና፡
ንሕና’ሞ እንታይ ክንብል ኣምላኽ ምሕረቱ ይሃበና።

ሕጊ መጽሓፍ ቁዱስ ረጊጹ፡
ሓሶት ከቐድም ሓቂ ዓምጺጹ፡
ተረፍ መረፍ ክልሕስ ከም ኣናጹ፡
የሎንድ’ዩ ሕጊ ኣፉ ዝዓጹ።

ካህናት ንዑባ በጃኹም ዓገብ በሉ፡
ሃይማኖት ከራስሕ ስቕ ትብሉ፡
ገዝቱ ክህነቱ ስልጣኑ መንጥሉ፡
ህዝቢ እጽመም ኣሎ ሓዲኡ ግበሩ።

ሕተትዎም ክመርጹ ሓደ መንገዲ፡
ወይ ሃይማኖት ወይ ፖሎቲካዊ ዓውዲ፡
የጽሩፉና  ኣሎዉ ንመላእ ዓዲ፡
ካብ ዓለማውያን እኳ ዘይተረኽበ ከምዚእ ናቶም ስዲ።

ካህናት ይድፈር ኣሎ ክብረትኩም፡
ንዓኹም መሲሎም ዘነውሩ ጻማኹም፡
ሩጉማት ተረኺቦም ኣብ ሞንጎኹም፡
ንዑባ ገስትዎም በጃኹም።

ብመንፈስ ክመርሕ ዝኣመናሉ፡
ክብሪ ሂብናዮ ልዕሊ ኩሉ፡
ሓሶት ክምስክር ተገምጢሉ፡
ሃየንታ ክበጽሖ’ዩ ሓድሪሩ ዊዒሉ።

ክብርን ሞጎስን ነቶም ቅኑዓት መራሕቲ ሓይማኖታትና።
ነባሪ ዝሕሪ ንሰማኣታትና፡
ዓወት ንሓፋስ።
ገብረንጉስ መስመር።